ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.34 ሰሉስ 10 ጥቅምቲ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ጉንፋዕ ምስ ምቕያር ክሊማ


ገጽ 3
"ተውህቦ ብቐጻሊ እንተ ዘይተመሊኡ ኣረጋይ እዩ" ሰሎሞን ደረር


ገጽ 4
ናይ ንባብ ልምዲ ብኸመይ ነዕቢ


ገጽ 5
ሓሶት ንመጸምድትን


ገጽ 7
ስልጠና ኩዕሶ እግሪ ተዛዚሙ


# ፕረዚደንታት ኤርትራን ሶማልያን ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናን ዞባዊ ምዕባለታትን ዘትዮም

## ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ኣብ ኤርትራ ንዝስልጥኑ ዘለዉ ኣባላት ሃገራዊ ሰራዊት ሶማልያ በጺሑ





ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ረፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ዞባዊ ምዕባለታትን ዘትዮም።

ኣብ'ቲ ብ8 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ዝተኻየደ ፈለማ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን፡ ንኪጋስ ናይ'ቶም ኣቐዲሞም ኣብ ዝተኻየዱ ርክባት ዝተዘተየሎም ጉዳያትን ዝተበጽሑ ስምምዓትን ብምግምጋም፡ ንምሕያሎም ተረዳዲኦም።

ብዘይካ'ዚ፡ ፕረዚደንት ፌደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ትማሊ 9 ጥቅምቲ፡ ኣብ ኤርትራ ንዝስልጥኑ ዘለዉ ኣባላት ሃገራዊ ሰራዊት ሶማልያ በጺሑ።

ፕረዚደንት ሓሰን ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተሰንዩ፡ ኑቶም ናይ ፍሉያት ሓይልታት፡ ሜካናይዝድ፡ ሓይሊ ባሕርን ሓይሊ ኣየርን ስልጠናታት ዝቐስሙ ዘለዉ ኣባላት ሰራዊት ሃገሩ ኣብ ዝበጽሓሉ፡ ንበቐዓት ዝቐሰምዎ ስልጠናታት ዘንጸባርቕ ምርኢት ተዓዚቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ስልጠኖም ምስ'ቶም ኣቐዲሞም ኣብ ኤርትራ ዝሰልጠኑ መኮንንም ብሓባር፡ "ተስፋ መጻኢት ሶማልያ" ምዃኖም ብምጥቃስ፡ የቐንየልኩም ኢሉ።

ፕረዚደንት ሓሰን ኣስዒቡ፡ ኪጋስ ማዕርነ ምርግጋእ ሶማልያ ዘተስፉ ምዃኑ፣ ዝተረፈ ድማ ብሓባር ንምዕማሙ ከምዝሰርሕ ብምንጻር፡ "መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሶማልያ ሰላምን ርግኣትን ንምርግጋጽ ዝገበሮ ዘሎ ቀጻሊ ጻዕሪ፡ ሓቀኛ ፈታዊ ህዝቢ ሶማል ከምዝኾነ ደጊሙ ዘረጋገጸ'ዩ" ክብል፡ ኤርትራ ብዘይዝኾነ ክፍሊት ኣብ ማሰልጥሕ ህንጻት ሃገራዊ ሰራዊት ሶማል ንእትገብሮ ዘላ ኣበርክቶ ሞጕሱ።

ፕረዚደንት ፌደራላዊት ረፓብሊክ ሶማልያ - ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ናይ ክልተ መዓልታት ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም፡ ብ8 ጥቅምቲ'ዩ ኣስመራ ኣትዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድማ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ብናይ ክብሪ ሰልፊ ዝተሰነየ ኣቀባብላ ገይሩሉ።

ኣብ'ቲ ናይ ምቕባል ስነስርዓት፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተረኺቦም ነይሮም።

# ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንኪ ደም ንምስሳን፡ ልዕሊ 500 ከረጺት ደም ተለጊሱ

ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ዝተፈላለየ ትካላትን፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ብዘወሰድዎ ተበግሶ፡ካብ 3 ክሳብ 7 ጥቅምቲ 511 ከረጺት ደም ተለጊሱ።

በዚ መሰረት፡ ተመሃሮን መምህራንን ኣሕዳሪ ቤት-ትምህርቲ ሰምበል 117፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ማይ-ነፍሒ 152፡ ኣባላት ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር 36፡ ክሉብ ተመሃሮን መምህራንን ቋንቋ ዓረብ ሃማመተኤ 41፡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት 50፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ወለንተኛታት 115 ከረጺት ለጊሶም።

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ቀዳማይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብ7 ጥቅምቲ ኣብ ዘካየድዎ መደብ ልገሳ፡ ብሰንኪ ስእነት ደም እትሓልፍ ሂወት ከይትህሉ፡ ኩሉ ዜጋ ብውልቂ ይኹን ተጠርኒፉ ደም ብምልጋስ ሂወት ወዲዓት ወገናቱ ከድሕን ተላቢዮም።

ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልገሳ ደም ነርስ መሓሪ ኣብርሃም ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ ቕንያት ዝተኻየደ ልገሳ ደም፡ ኑቲ ካብ 4 ጥቅምቲ ጀሚሩ ንክልተ ሰሙን ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታ ዝካየድ ዘሎ መጥባሕቲ ልቢ ህጻናት፡ እኹል ቀረብ ደም ንምርግጋጽ ዝዓለመ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ኣብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ብምውህሃድ ሃገራዊ ባንክ ደምን ሃገራዊ ማሕበር ወለንተኛታት ለገስቲ ደምን ልዕሊ 7 ሽሕ ከረጺት ደም ከምእተኣከበ ዝጠቐሰ ነርስ መሓሪ፡ ንተራን ኣበርክቶን ወለንተኛታት ለገስቲ ደም ሞጒሱ።

# ኣዛዚ ፖሊስ ዞ/ደቡብ፡ ንነበርቲ 5 ን/ዞባታት ሰሚናራት ኣካዪዱ



ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ንነበርቲ 5 ንኡሳን ዞባታት - ዝምድና ህዝብን ፖሊስን ንምሕያል ዝሕግዝ ሰሚናራት ተኻዪዱ።

ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ደቡብ ኮሎኔል ዞሚካኤል ተኽልያ፡ ካብ 21 መስከረም ክሳብ 2 ጥቅምቲ - ንነበርቲ ንኡሳን ዞባታት ዓዲ-ቐይሕ፡ ሰንዓፈ፡ ዓረዛ፡ እምኒ-ሓይልን ማይ-ምነን ኣብ ዝሃበ ሰሚናራት፡ ኩሉ ዜጋ ኣፍልጦኡ ኣብ ሕጊ ብምብራኽ ምትሕብባሩ ምስ ፖሊስ ከዕዝዝ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ዝሓለፈ 6 ኣዋርሕ ብደረጃ ዞባ ኣብ መደበራት ፖሊስ ናይ ዝተመዝገበ ገበናት፡ በደላትን ሓደጋታት ተሸነርከርትን ዝርዝረ ኮሎኔል ዞሚካኤል፡ ኣብ ምቕላዑ ንዝተራእየ ንቕሓ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ንኢዱ።

ከምዚ ዓይነት ሰሚናራት ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ኣዝዩ ሓጋዚ ምዃኑ ዝገለጹ ተሳተፍቲ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ሓቲቶም።

ኣብ መስመር እምኒ-ሓይሊ - መንደፈራ ንምቁማት ዘሸግር ዘሎ ኣግራብ ክጽልጸል፣ ምስ ምጅማር ትምህርቲ ንተጠቀምቲ ብሽክለታ ተመሃሮ ሰሚናራት ድሕነት ክውሃብ፣ ኣብ ማይ-ድማ - ምስ ዘሎ ጸዑቕ ናይ ዕዳጋ ንጥፈታት መደበር ፖሊስ ክምስረት. . . ዝብሉ ለበዋታት እውን ኣሕሊፎም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጉንፋዕ ምስ ምቅይያር ክሊማ

ጉንፋዕ ብ'ቫይረስ' ዝመሓላለፍ ሕማም ኮይኑ፡ ንላዕለዋይ ክፋል ስርዓት እስትንፋስ የጥቅዕ። በዚ ሕማም ዝተለኽፈ ሰብ ድማ ክዝረብ፡ ክስዓል ወይ ክህንጥስ እንከሎ ምስ ዘውጽኦ እስትንፋስ ብዝዝርግሖ ቫይረስ ንኻልኦት ሰባት ይልክፎም።

ጉንፋዕ ብፍላይ ኣብ ግዜ ሓጋይ፡ ክሊማ ኣብ ዝቀያየረሉ እዋንን ጻዕቂ ሰባት ኣብ ዝረኣየሉ ግዜን ይኸስት። እዚ ሕማም፡ ድኹም ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝለዎም ሰባት ዝያዳ የጥቅዕ። በዚ ድማ፡ ብዙሕ ኣብ ህጻናትን ሽማግለታትን ይረአ።

ኣብ ደቂ ሰብ ብዝበዝሐ ካብ ዝረአ ዓይነት ሕማም - ጉንፋዕ/ሰዓል ምኻኑ ሕክምናዊ ጸብጻባት የመልክቱ። ብኸምኡ ሓደ መንእሰይ ኣብ ዓመት ክልተ ሳዕ ብጉንፋዕ ክተሓዝ እንከሎ፡ ህጻናት ግን ኣብ ዓመት ካብ ሽዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ሳዕ በቲ ሕማም ይልከፉ።

ዛጊት ንጉንፋዕ ተባዚሉ ብፍሉይ ዝዓሎ መድሃኒት የለን። ብጊዜኡ ኣእዳውና ብምሕጻብ፡ ኣዒንትና፡ ኣፍናን ኣፍንጫናን ብጊዜኡ ብምጽራይን በእዳውና ብዘይምትንካፍን፡ በቲ ሕማም ካብ ዝተለኽፉ ሰባት ብምእላይ፡ ነቲ ሕማም ንምክልኻል ክንገብሮም ካብ ዘለዉና መሰረታውያን ሜላታት ፍወሳ እዮም።

ብጉንፋዕ ዝተለኽፈ ሰብ ካብ ክልተ መዓልታት ኣብ ዘይነውሕ ግዜ ምልክታት ናይቲ ሕማም ከርኢ ይጅምር። ገለ ካብቶም ምልክታት ምስዓል፡ ምሕርሓርን ምቁሳልን ጎረሮ፡ ዘየቋርጽ ጸረርታ ኣፍንጫ፡ ተደጋጋሚ ምህንጣስ፡ ሕማም ርእሲ፡ ረስኒ ወዘተ እዮም። እቲ ጉዳይ ግቡእ ክንክን እንተ ገይሩ፡ ኣብ ውሽጢ 7 ክሳብ 10 መዓልታት ክሓዊ ይኽእል። ገለ ምልክታት ግና፡ ክሳብ ሰለስተ ሰሙን ይቕጽሉ። ኣብ ገለኦም፡ እቲ ሕማም ክሳብ ኒሞንያ ክምዕብል ይኽእል እዩ። ኒሞንያ ኣብ ግዜ ምቅይያር ክሊማ፡ ግቡእ ክንክንን ጥንቃቐን ዘይገብሩ ሰባት ዘጥቅዕ ሕማም ኮይኑ፡ ብፍላይ ኣብ ህጻናት ኺኑ ይረአ።

ሕማም ጉንፋዕ ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ኣስታት 200 ዓይነታት ቫይረስ ኣለዉ። ካብዚኦም እቶም ኣዝዮም ልሙዳት ዓይነት ቫይረስ፡ 'ርሂኖቫይረስ' (rhino-viruses) ይበሃሉ። እዞም ዓይነት ቫይረስ ምስ ሰብ ተላጊቦም ብምዕላል ክይተረፈ ክመሓላለፉ ይኽእሉ። በቲ ቫይረስ ተለኺፎም እንከለዉ ዝተጠቐምሉ ኣቕሓ፡ ካልኦት ሰባት ክየምከሩ ክጥቀምሉ እንከለዉ ብቐሊሉ ክሓልፉም ይኽእል።

### ምልክታት ሕማም ጉንፋዕ

ሓደ ካብቲ ብዝበዝሐ ዝርአ ምልክታት ጉንፋዕ፡ ተደጋጋሚ ምስዓል እዩ። ሕክምናዊ ጸብጻባት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣስታት 40% በዚ ሕማም ዝተለኽፉ ሰባት - መቑሰልቲ ጎረሮ የርእዩ፡ ልዕሊ ፍርቂ ግዳያት ቅርጥማትን ቃንዛ ጭዋዳን ስምዒታት ይፈጥረሎም። ረስኒ፡ ጉንፋዕ ኣብ ዝሓመሙ ገለ መንእሰያት ዝርአ ዓይነት ምልክት ናይቲ ሕማም ክኸውን እንከሎ፡ መብዝሕትኦም ህጻናት ረስኒ ይሰምዖም እዩ።

### ጉንፋዕ ብኸመይ ይመሓላለፍ?

ጉንፋዕ ብቐሊሉ ብእስትንፋስ ክመሓላለፍ ዝኽእል ሕማም እዩ። ሕማም ሰዓል ከመሓላልፉ ዝኽእሉ ቫይረስ ኣብ ኣየር ብህይወት ንዊሕ ክጸንሑ ይኽእሉ። 'ርሂኖቫይረስ' ዝተባህለ ቫይረስ ከም ኣብነት እንተወሰድና፡ ልዕሊ 18 ሰዓታት ኣብ ህዋ ክጸንሕ ይኽእል። ብቐሊሉ ብኢድና ተሰኪምናዮ ብምጽናሕ ድማ፡ ዓይንና ወይ ኣፍንጫና ወይ ኣፍና ኣብ እንትንክፈሉ እዋን ሽው ንሽው በቲ ሕማም ክንልከፍ ንኽእል።

ሕማም ጉንፋዕ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ከምኡ'ውን ክንክን ህጻናት ወይ ሽማግለታት ኣብ ዝግበረሉ ስፍራታን (day-care) ብዝበዝሐ ይላባዕ።

ክሊማ (Weather) ኣብ ምልባዕ ሕማም ጉንፋዕ

ልምዳዊ ጽንሰ-ሓሳብ (hypothesis)፡ "ሰዓል/ጉንፋዕ ንዝሑል ኩነታት ኣየር፡ ማይ ይኹን ቁሪ ንዊሕ ሰዓታት ብምቅላዕካ ይሕዘካ" እዩ ይብል። ካብዚ እዩ ድማ፡ ሰዓል ብእንግሊዝኛ 'ኮልድ' (cold) ዝብል መጸውዒ ክወሃቦ ክኢሉ ዘሎ። ብርግጽ ገለ ካብቶም ጠንቂ ሰዓል ዝኾኑ ቫይረስ ወቕታውያን ኮይኖም፡ ዝበዝሐ እዋን ቁርን ጠልን ኣብ ዘለዎ ኩነታት ኣየር ብዝበዝሐ ይህልዉ። ካብን ናብን ወቕቲ ዝርአ ክሊማዊ ምቅይያር ሓደ ካብቲ ዝለዓለ ጠንቂ ሕማም ሰዓል/ጉንፋዕ ምኻኑ'ውን ክኢላታት ይሰማምዕሉ እዮም። ኣብ ክሊማዊ ምቅይያር፡ ብፍላይ ዛሕሊ ኣብ ዝህልወሉ እዋን፡ ኣብ ስርዓተ እስትንፋስ ለውጢ ስለ ዝርአ፣ ግብረ መልሲ ናይ ምክልኻል ዓቕሚ ከም ዝነድል ክኢላታት የመልክቱ። ጠሊ ኣብ ዘለዎ ክሊማ መጠን ዝርግሐን ምልባዕን ቫይረስ እናዓበየ እዩ ዝኸይድ። ነቲ ሕማም ዘኸትሉ ቫይረስ ድማ ንዊሕ ሰዓታት ክጸንሑ ይሕግዞም።

ዛሕሊ ጸኒሑ መቐት፡ መቐት ጸኒሑ ድማ ንፋስ ዝዖብለሎ ክሊማ ምስ ዝህሉ'ውን ሰዓል ብቐሊሉ ክሳባዕ ይረአ። ኣብዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ወቕቲ ዝኸሰት ዓይነት ሰዓል 'ደረቕ' ኮይኑ፡ ንምፍዋሱ'ን ምክትታሉን ከሸግረና'ውን ይረአ እዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣየር፡ ዝፍጠር ክሊማ ኣብ ሰዓታት ስለ ዝቀያየር፡ ኣብ ኣኩዳድናና ብፍላይ ግቡእ ጥንቃቐን ምክትታልን ክንገብር ኣለና።

### ኣገባብ ምክልኻል ሕማም ጉንፋዕ

ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ኣገባብ ምክልኻል ሕማም ጉንፋዕ፡ ብቐጻሊ እትወስዶም ፊዚካላዊ ስጉምትታት (physical measures) እዮም። ብጊዜኡ ኣእዳውና ምሕጻብ፡ ኣዒንትና፡ ኣፍናን ኣፍንጫናን ብጊዜኡ ብዘጽረናዮ ኣእዳውና ዘይምትንካፍ፡ በቲ ሕማም ካብ ዝተለኽፉ ሰባት ምግላል ክጥቀሱ ይከኣል።

ሕማም ጉንፋዕ ንምክልኻል ዝኽእል ካልእ ኣገባብ ድማ፡ ኣመጋግባ እዩ። ብዝበዝሐ ፈሳሲ ምውሳድ፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ምምጋብ።

ሕማም ጉንፋዕ ዝሓመመ ሰብ መጠቐኒ ምውሳዋስ ኣካላት ምስ ዘካይድ፡ ብቐሊሉ ክሓዊ ከም ዝኽእል ክኢላታት የመልክቱ። እቲ ሕማም ከም ረስኒ፡ ቃንዛ ጭዋዳን ድኻምን ዝኣመሰሉ ምልክታት ይፈጥረልካ እንተሎ፡ ምውሳዋስ ኣካላት ክትገብር ብዙሕ ኣይምከርን እዩ።

### ዘቤታዊ ፍወሳ ሕማም ጉንፋዕ

ጉንፋዕ ንምእላይ ዝተፈላለየ ዓይነት ዘቤታዊ ፍወሳ ከም ዘሎ'የም ክኢላታት ዘመልክቱ። ባዕልኻ ክትተኽናኸን ፈቲንካ እቲ ሕማም ንሰሙናት ምስ ዝቕጽል ግና፡ ናብ ሓኪም ምኻድ ከም ዘድልየካ ኣይትዘንግዕ። ብሰንኪ'ቲ ሕማም ናይ ምስትንፋስ ጸገም ምስ ዝህልወካ፣ ህርመት ልብኻ ዘይንቡር ምስ ዝኸውን፣ ዕውልውል ክበለካ ምስ ዝጅምር ወዘተ፡ ተቐላጢፍካ ሕክምናዊ ረድኤት ክትገብር የድሊ።

**ገለ ካብቶም ሕማም ጉንፋዕ ንምክልኻል ክንጥቀመሎም ዝግበኣና ዘቤታዊ ፍወሳታት፦**

* **ዝንጅብል፦** ጥዕናዊ ጥቕሚ ዝንጅብል ካብ ቀደሚ ሓያሎ ኣማኢት ዓመታት እዩ ተረጋጊጹ። ዝተወቕጠ ዝንጅብል ምስ ዝፈልሐ ማይ ወይ ሻሂ ሓዊስካ ብምስታይ፡ ንሰዓልን ብሰንኩ ንዝስዕብ ነድሪ ጎረሮን ኣብ ምፍዋስ ልዑል ጥቕሚ ከም ዘለዎ ክኢላታት ይገልጹ። ብሰንኪ ጉንፋዕ ንዝፍጠር ዕግርግርን ተምሳሰን ዝኣመሰሉ ስምዒታት ኣብ ምእላይ'ውን ልዑል ግደ ኣለዎ።

* **መዓር፦** መዓር ጸረ-ነፍሳት ናይ ምእላይ ፍሉይ ተፈጥሮኣዊ ወህደት ኣለዎ። መዓር ምስ ሻሂን ጽማቕ ለሚንን ሓዊስካ ምስታይ ብሰንኪ ሰዓል ንዝፍጠር ቃንዛ ጎረሮ ንምእላይ ይሕግዝ። ኣብ ሓደ መጽናዕቲ፡ ብሕማም ጉንፋዕ ዝተጠቕዑ ህጻናት ቅድሚ ምድቃሶም 10 ግራም መዓር ከም ዝበልዑ ምስ ተገብረ፡ ካብቲ ሕማም ብቐሊሉ ክሓወዩ ከም ዝተራእዩ ተረጋጊጹ። መዓር መቐት ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ከም ዘለዎ'ውን እቲ መጽናዕቲ ብተወሳኺ ኣጺሩ።

* **ጻዕዳ ሽጉርቲ፦** ጻዕዳ ሽጉርቲ ጸረ-ነፍሳዊ ጠባይ ዘለዎ 'ኣሊሲን' ዝተባህለ ኬሚካላዊ ወህደት ዝሓቘፈ ዓይነት ኣሕምልቲ እዩ። ኣብ ዕለታዊ መግብኻ ጻዕዳ ሽጉርቲ ምስ እትሕውሱ፡ ንምልክታት ሕማም ጉንፋዕ ንምእላይ ሓጋዚ እዩ። መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጹ፡ ጻዕዳ ሽጉርቲ ምውሳድ ዘዘውትሩ ሰባት ብሕማም ጉንፋዕ ብቐሊሉ ኣይጥቅዑን እዮም።

* **ሽጉርቲ፦** ሰለስተ ወይ ኣርባዕተ ማንካ ሻሂ ምስ ኣርባዕተ ማንካ መዓር ብምሕዋስ ጽማቕ ኣዳሊኻ ምስታይ፡ ንሕማም ጉንፋዕ ፍቱን ፈውሲ ምኻኑ ይንገር። ነዚ ኣከታቲልካ ንሰለስተ መዓልታት ቅድሚ ምድቃስካ ክትወስዶ ይከኣል።

* **ቫይታሚን 'ሲ'፦** ቫይታሚን 'ሲ' ኣብ ጥዕና ሰብነትና ሓያሎ ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ኣራንሺ፡ ለሚን፡ ኣሕምልትን ካልኦት ፍረታትን ልዑል ምንጪ ቫይታሚን 'ሲ' እዮም። ምስ ውዑይ ሻሂ ጽማቕ ለሚንን መዓርን ሓዊስካ ምስታይ ብጉንፋዕ ንዝፍጠር ዓኺታ ንምጉዳል ይሕግዝ። ሰብነትካ እኹል ቫይታሚን 'ሲ' ምስ ዝረኽብ፡ ኣብ ላዕለዋይ ሸነኽ ስርዓት እስትንፋስ ንዝፍጠር ረኽሲ ኣብ ምእላይ ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ።

* **ብሉፋ ማይ ምህጣም፦** ጉንፋዕ ዝሓመመ ሰብ ቅድሚ ምድቃሱ ኣብ ዘሎ ሰዓታት ብሉፋ ማይ ክዕጠን ምስ ዝኽእል፡ ነቲ ሕማም ብቐሊሉ ከጥፍኦ ይኽእል። እዚ ብፍላይ ንትሕቲ 2 ዓመት ህጻናት ወጽኢታዊ እዩ።

* **ጸለም በርበረ፦** ኣብ ሓደ ኩብያ ጸባ ሓደ ማንካ ሻሂ ጸለም በርበረ ሓዊስካ ኣፍሊሕካ ምስታይ፡ ጉንፋዕ ንምእላይ ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ። ነዚ፡ ንሰለስተ መዓልታት ኣከታቲልካ ምስ እትጥቀመሉ፡ ብቐሊሉ ካብ ጉንፋዕ ክትሓዊ ከም እትኽእል ክኢላታት የመልክቱ።

* **ጸብጊ ህሩድ፦** ህሩድ ምራተ ኣካላት ንምእላይ ዝሕግዝ ጠባይ ዘለዎ ቀመም እዩ። እዚ ድማ ሓያሎ ጥዕናዊ ጥቕምታት እዩ ዘለዎ። ህሩድ ምስ ዝፈልሐ ጸባ ሓዊስካ ምስታይ ፍቱን መድሃኒት ናይ ሕማም ጉንፋዕ እዩ።

ምንጪ፦ Mayo clinic





### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:30 | ዶክዩመንታሪ ፊልም |
| 16:20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:20 | ዶክዩመንታሪ ፊልም |
| 19:20 | ሃለው ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | 30 ዓመታት መኸተ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዘማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284

ሻባብ

ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ናይ ንባብ ልምዲ ብኸመይ ነዕቢ

መም. ፍትሓዊ እስቲፋኖስ

ዝበዝሐ ናይ ሎሚ ሰብ ካብ ዝደጋግሞ ዝበዝሐ ሕቶታት፡ ምንባብ ብኸመይ ከዕቢ ከም ዝኽእል እዩ። ዝኾነ ዓይነት ልምዲ ክትላመድ ግዜ ዝወስድ መስርሕ ከም ዘለዎ ርዱእ ኮይኑ፡ ምንባብ እውን ከምኡ። ሎሚ ኣብ ዓድና ክንደይ ካባና ኢና ኣብ ገዛና ከብሒ መጽሓፍቲ ዘሎና። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ናይ ግድን ተለቪዥን ከም ዘላ ግና ሓታቲ እውን ኣየድልን፣ ረድዮ እውን ብመጠኑ። እንተ ዘይተጋጊኑ ዝበዝሕ ኤርትራዊ ስድራቤት ሬድዮ ይውንን፣ ከብሒ መጽሓፍቲ ኸ?

ዝበዝሐ ሰራሕተኛ መንግስቲ ኣብ ገዝኡ ከብሒ መጽፍቲ ክህልዎ ትጽቢት ይግበር። መጽሓፍቲ ንምግዛእን ከብሒ መጽሓፍቲ ንምህላውን ብዙሕ ኣሸጋሪ ኣይኮነን ዝብሉ ብዙሓት ሰባት እፈልጥ ኣሎ። እቲ ጸገም ዝኾውን ይብሉ ንሳቶም፡ ልምዲ ናይ ንባብ ዘይምህላው እዩ እቲ ቀንዲ ጸገም እምበር ነፍሲ ወከፍ ሰብ ወርሓዊ ካብ ደሞዙ ሓንቲ መጽሓፍ ክገዝእ ምኸኣለ ብምባል ዝምጉቱ ሰባት የጋጥሙኒ እዮም። ካብዚ ተበጊሰ እምበኣር እዚ ኣርእስቲ ኣልዒለ ክጽሕፍ ዝተደረኹ።

ቅድሚ ናብቲ ጉዳይ ምእታው ግን ገለ ሓፈሻዊ መእተዊ ክገብር እደሊ።

“እቲ ምምሃር ዘቋረጸ ወዲ ዕስራ ይኹን ወዲ ሰማንያ ብዘየገድስ ኣረጊት እዩ። እቲ ኹሉ ዘንብብ ዘበለ ግና ወትሩ ጉብዝ እዩ። ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ነገር ንእእምሮኻ ቀጺልካ ጉብዝ ምግባር እዩ።” ሄንሪ ፎርድ



ኣብ ኤውሮጳዊ ታሪኽ ብዘመነ ዳግመ-ልደት ዝፍለጥ ካብ መጀመርያ 14 ክፍለ ዘመን ክሳዕ 17 ክፍለ ዘመን ዝተራእየ፡ ካብ ማእከላይ መዋእል ናብ ዘመናውነት መሰጋገሪ ዝኾነ ክስተት፡ ሓደ ካብቲ ንምምጽኡ ዝወለደ ሓቂ ንባብን ብብዝሒ መጽሓፍቲ ምሕታምን እዩ። እቲ ዘመን ድማ ንምሉእ ዓለም ዝጸለወ ብዙሓት ሰብኣዊ ምንቅስቓሳት ከም ትምህርቲ ዝወለደ ካብ ዓበይቲ እምነ-ኹርናዕ ምዕባለ ዓለም እዩ። እሞ እዚ ሎሚ ተበጺሑ ዘሎ መእዝን ምዕባለ ኣብቲ ዘመን እቲ ዝጀመረ እዩ። እዚ ንናይ ጥንቲ መጽሓፍትን ፍልጠትን ስልጣነ ሮማውያንን ግሪኻውያንን ጽሑፋት ብምንባብ ዳግም ዝተወለደ ዘመን እምበኣር ቀንዲ ሱሩ ንባብ እዩ።

ኣብዚ ሎሚ ብተክኖሎጂ ዝምራሕ ዘሎ ዘመን ሓበሬታ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘመን ድማ ሓበሬታ ናይ ምእካብን ምቕማርን ክእለት ወሳኒ ቦታ ይሕዝ። በዚ ከይኮነ ኣይተርፍን ብዙሓት ፍላስፋታት ትምህርትን ዳርጋ ኹለን ሃገራትን ንዜጋታተን ምንባብ ከም ልምዲ ጥራሕ ዘይኮነ ከም ባህሊ ንኽዕብይኦ ዝጽዕራ። ልምዲ ንባብ ንኸመይ ከነጥሪ ንኽእል ንዝብል ሕቶ እምበኣር ሓደ ካብ ኣብ ብዙሓት ንባባት ማእከላይ ቦታ ዝሕዝ ሕቶ እዩ። እዚ ሕቶ'ምበኣር በዚ ዝስዕብ ሓሳብ ክቐርብ ይኽእል፤

## 1. ፍሉጥ ዝኾነ ግዜ ናይ ንባብ ምህላው

ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታትና ሓደ ዝተወሰነ ናይ ንባብ ግዜ ክህልወና ክንፍትን ይግባእ። ኣእምሮና ብመፈጠሩ ንነገራት ተላማዳይ እዩ። ንሓደ ነገር ብተደጋጋሚ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ግዜ ን21 መዓልታት እንተ ደኣ ደጋጊምናዮ ኣካል ባህልና ወይ ልምድና ናይ ምዃን ተኽእሎኡ ዝዓበየ እዩ። ኣብ መዓልቲ ካብቲ ዘለና ናጻ ግዜ ሓንቲ መሪጽና ናይ ንባብ ግዜ ንፍለ። ንመጀመርያ ብ30 ደቓይቕ ክንጅምር ተመራጺ እዩ። ንፍርቂ ሰዓት ዝኣክል ናይ ንባብ ግዜ ፍለ፣ ሓንትን ተደጋጊምትን ክንገብራ ይግባእ።

## 2. መዓልታዊ ምንባብ

“መዓልታዊ ወይ እውን ጠቕሊልካ ዘይምጅማር” ዝብል ኣበሃህላ ደሃሊ ወይ ኣፍራሒ ክመስል ይኽእል እዩ። እዚ ኣበሃህላ ልምዲ ንምጥራይ ካብ ዝተባህሉ ኣባሃህላታት እቲ ዝጠንከረን ዝተፈተነን እዩ። እዚ ዝተባህለሉ ምኽንያት፡ ካብ እትገብሮም ንጥፈታት ሓንቲ መዓልቲ ምፍላይ ናብ ናይ ቅድም ልምድኻ ክትመልሰካ ስለ እትኽእል እዩ። ስለዚ ልምዲ ንባብ ንምምዕባል መዓልታዊ ክነንብብ ይግባእ።

## 3. ብዘየንበብናያ መዓልቲ ዘይምጭናቕ

በታ ዘይሰራሕካያ መዓልቲ ካብ ምሕሳብ ከመይ ኣቢልካ ብኻልእ መዓልቲ ክትትክእ ትኽእል ምሕሳብ ይሓይሽ ይኾውን ኢለ እሓስብ። ኣብ ዓመት ካብ 100 ተኸታተልቲ መዓልታት ምንባብ 300 ተኸታተልቲ ዘይኮኑ መዓልታት ምንባብ ይሓይሽ፣ እቲ ዋና ነገር ማዕረ ክንደይ ብዘይ ምቁራጽ መዓልታዊ ኣንቢብካ ዘይኮነ፡ ነቲ ልምዲ ከመይ ኣብ ህይወትካ ኣተኣታቲኻዮ እዩ ዋና ነገር። ክብን ለጠቕን ኣብ ህይወት ምቕባል ልቦና እዩ።

## 4. ብብሉጻት መጽሓፍቲ ምጅማር

ብብሉጻት መጽሓፍቲ ምጅማር ዝብል ሓሳብ ሓደ ነገር ክረጋግጸልና ይኽእል እዩ፣ ዝርዝር መጽሓፍቲ። ካብቲ ዝህልወና ዝርዝር መጽሓፍቲ በታ ዝመሰጠትናን ክንጅምር ምስ እንኽእል ንቐጽሊ ምንባብ ክንደፋፋእ ንኽእል ኢና። ዝበዝሕ ናይ ንባብ ልምዲ ክህልወኒ ኣለዎ ዝብል ውልቀሰብ ዘስተውዓልክዎ ነገር እንተ ደኣ ሃልዩ፡ እንታይ ዓይነት መጽሓፍቲ ከም ዘለዉ ዘይፈልጥዎን ብምንታይ መጽሓፍ ክጅምር ከም ዘለዎ ዝሓትት እዩ። ስለዚ ኸኣ ቅድም ቀዳድም ዝርዝር መጽሓፍቲ ምድላው ካብኡ ድማ በቲ ዝመሰጠና መጽሓፍ ክንጅምርን ይግባእ።

## 5. ንባብና ኣድካሚ ኣይንግበሮ

ንኣይ ብዝርድኣኒ፡ ኣብ ንባብ ዝበዝሑ ሰብ ዚጋገዮ ነገር እንተ ደኣ ሃልዩ ኣብ መጀመርታ ግዜኡስ ብዙሕ ዘየንበበ ይደሊ ምዃኑ እዩ። ንልምዲ ናይ ንባብና እንተወሓደ ኣብ ኣሸጋርን ኣብ ጸዑቕ ስራሕ ኣብ ዝሃለናሉን እዋን ክንገብሮ ከም እንኽእል ጌርና ክንሃንጾ ይግባእ። ኣብ መጀመርያ ልምዲ ንባብ ኣብ እንማዕብለሉ እዋን ብዙሕ ግዜን ገጻትን ምንባብ ኣየድልን፣ እቲ ግዜን ብዝሒ ገጻትን ምስ ግዜ ክንውስኾ ንኽእል ኢና። ናይ ዓለምና ሃብታም ኣቶ ቢል ጌትስ ኣብ መዓልቲ ናይ ግድን ሓንቲ ሰዓት የንብብ፣ ዝጀመራ መጽሓፍ ድማ ግድን ይውድኣ።

## 6. ዝጀመርናዮ መጽሓፍ ምውዳእ

ኣብዚ ሎሚ እዋን ብፍላይ ኣብ ከባብየይን ንባዕለይን ዘጋጥም ጸገም እንተ ደኣ ሃልዩ፡ ዝጀመርናዮ መጽሓፍ ዘይምውዳእ እዩ። ዝበዝሐ ዝቐርብ ምኽንያታት ናተይ ሓዊስካ፡ ኣብ ሓደ እዋን ክልተ ሰለስተ መጽሓፍቲ ብሓንሳብ ምጅማር እዩ። ናይዚ ዝበዝሐ ጠንቂ ድማ ኤሌክትሮኒካዊ ንባባት እዩ። ኣዝዮም ብዙሓት መጽሓፍቲ ኣብ ሞባይላትና ኣለዉና፣ ብሓንሳብ ድማ ብዙሓት መጽሓፍቲ ንኸፍት። መጽሓፍ ብህይወቱ ምስ ዝኸውን ግና ብዙሓት መጽሓፍቲ ኣብ ሓደ እዋን ምሓዝ ኣይከኣልን እዩ። እዚ ንምፍዋስን ናይ ንባብ ልምዲ ንምጥራይን ግና ንዝጀመርናዮ መጽሓፍ ክንውድእ ዝሓሸ እዩ። ንባብ ብሓፈሻዊ ባህርና እውን ዝጽሎ ይመስለኒ፣ ኣብ ሓደ እዋን ብዙሓት ነገራት ጀሚርና ንገሊኦም ግና ዘይንውድኦም እንተ ኾንና ከምኡ ናይ ምግባር ተኽእሎ ይዓቢ ይመስለኒ።

## 7. ናይ ንባብ ፍሉይ ቦታ ምህላው

እዚ ኣገዳሲ እውን ዘይኮነ ክመስል ይኽእል እዩ፣ ልምዲ ንባብ ክሳዕ እንጠሪ ግን ምቹእ ቦታ ንባብ ምህላው ኣገዳሲ እዩ። እዚ ዓይነት ቦታ ምቹእ ጥራሕ ዘይኮነ ክኸውን ዘለዎ፡ ንኻልእ ምኽንያት ኢልካ ኮፍ እትብሎ ቦታ ክኸውን የብሉን። እዚ ማለት ዝበዝሕ ሰብ ኣብ ዓራት ኮይኑ ክንብብ ይፍትን እሞ ድቃስ ይወስዶ፣ ምኽንያቱ ኣእምሮና ንዓራት ምስ ድቃስ ስለዘተኣሳሰሮ ክንድቅስ ናይ ግድን ይኸውን። ኣብ ቤትና ፍሉይ ከምዚ ቦታ እንተ ዘየብልና ክንገብር ይግባእ። እዛ ንእሽቶ እትመስል ተግባር ንንባብና ምስቲ ኮፍ እንብለሉ ቦታ ከነተሓሕዞ ትሕግዘና እያ። ምብላዕካ ዝለመደስ ንኣኻ እናኸርኢ የንባሁቕ ከም ማለት እዩ።

## 8. ሎሚ ጀምር - ጽባሕ ኣወግድ


ብፍጹም ተኣምር ጽባሕ ክጅምር እየ ምባል ብዝተኻእለ መጠን ምውጋድ። ጽባሕ ካብ ሎሚ ኣዝያ ኣዝያ'ኳ ደኣ ዝረሓቐት መዓልቲ እያ። ጽባሕ ኣብ ናይ ዓያሹ ዓውደ ኣዋርሕ እያ እትርከብ ዝብል ጽሑፍ ናይ መን ምዃኑ ክዝክሮ ኣይከኣልኩን፣ ግና ብምንጽር ይጽንሓለይ ክንርእያ እንክለና ሓቁ እዩ እያ ዝብል።

## 9. ንነብስኻ ክተብል ኣንብብ

ደስ ስለ ዝበለካ ጥራሕ ኣንብብ። ምንባብ ስለእትፍቅሮን ክትመሃር ስለእትደልን ጽቡቕ ልምዲ ስለዝኾነን ጥራሕ ኣንብብ፣ ካልእ ማልእ ካልኣዊ እዩ። ንባብ ባህታ ዝፈጥር ልምዲ እምበር ካልእ ምስጢር የብሉን። ዝኾነ ይኹን ካልእ ምኽንያታት ንንባብ ዋላ'ኳ እንተ ሃለወ፡ እቲ ዋና ነገር ግን እዚ ዝተባህለ ጥራሕ እዩ።

## 10. ምንባብ

በቃ ምንባብ፣ ምንባብ ብምንባብ ጥራሕ እዩ ዝልመድ።



### ጥቕሲታት ምንባብ

“ተለቪዥን ኣዝያ መሃሪት ኮይና ረኺበያ። ገለ ሰብ መጺኡ ቻነል እንተቐይሩ ግና፡ ንሱ ክሳዕ ዝወጽእ፡ ናብ ካልእ ክፍሊ ብምኻድ መጽሓፍ ኣንብብ።”

- Groucho Marx

“መጽሓፍ ኣብ ጁባኻ ዝተሓዝ ጀርዲን እዩ።”

- China proverb

“መጽሓፍ፡ ንጽቡቕ መነባብሮ፡ ሓደ ካብ መሰረታውያን ነገራት እዩ።”

- Martimer J.Adler

“ቤት መጻሕፍቲ፡ ሆስፒታል ኣእምሮ እዩ።”

- Anonymous

መጽሔት ፍኖት - ቀ. 1

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ሓሶትን መጻምድትን

ዳርጋ ኩሉ ሰብ በብእዋኑ ይሕሱ እዩ፡፡ ስምዒታት ካልኦት ሰባት ንምሕላውን ዝምድናኻ ንምርግጋጽን ሓሶት ክዛረብ ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ፡ ሓሶት ኣካል ሂወት ደቂ-ሰብ እዩ፡፡ በዚ ኸኣ በቲ ግዜ ሓሶት ሳዕቤኑ ርዱእ ስለዘይኮነ፡ ካብ ሂወትናን ናብራናን ከወግዶ ጥራይ እዩ ዘለና፡፡ ጽሑፍና ኣብ መንጎ መጻምድቲ ንዝፍጠር ሓሶት ዝምልከት ኮይኑ፡ ብኸመይ ካብ ሂወትና ነወግዶ ግለ ሓጎዚ ሓሳባት ንምሃብ እዩ፡፡

ኣብ ባህልና፡ ሓሲኻ ዕረቕ ዝብል ምስላ ኣሎና፡፡ እዚ ግን ዘይትርጎሙ ክንሆ ኣይግባእን፡፡ እናሓሰኻ ንገር ወይ እናሓሰኻ ተመላለስ ንምባል ከምዘይተዋውን እንርድኦ ሓቂ እዩ፡፡ እንታይ ደኣ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ክልተ ሰብ ተፈጢሩ ዘሎ ጸገም ንምህዳእ ነቲ ሓቂ ሓብእካ ኑዩም ተባኢስቲ ወገናት ንምዕራቕም ዝዓለመ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ገለ ግዜ ነቲ ዘሎ ሰላም ንምዕቃብ ወይ ስምዒት ናይ ሰብ ከይጉዳእ ብምሕላይ፡ ሓሲኻ ከምዝዛረብ እዩ ዝሕብረና - እዚ ምስላ ዓድና፡፡

ዝዘረበ ሓሶት ግን ይዕበ ይንኣስ ቀልጢፉ እንተዘይ ተኣሪሙ፡ ቀጻሊ ምኻኑ ዘይተርፍ ሓቂ እዩ፡፡ ኣብ መንጎ መጻምድቲ ካብ ማጠን ንላዕሊ ወይ ኣዕናዊ ሓሶት ምዝውታር እሞ ኸኣ መሻኾሮ ሓዳር ምኻኑ ኣይንስሕቶን ኢና፡፡ ርክብ ሰብኣይን ሰበይትን ዝበኮኽ እምነት ሰብኣይን ሰበይትን ዝቑጽሉ ሂወት ደቀም ብሓሽ ዝዝብር፡ ኣብ መውዳእታኡ ከኣ ኣብ ሂወቶም ዘይጽግን ጉድኣት ዘውርድ ምኻኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡

ስለዚ፡ መጻምድኻ ኣብ ልዕሌኻ ይሕሱ ከምዘሎ ብኸመይ ክትፈልጥ ትኽእል? ዝብል ሕቶ፡ መጻምዲ ብሃንቀውታ መልሲ ክረኽበሉ ዝጽበዮ እዩ፡፡ እንተኾነ፡ ሰብ ንባዕሉ ምስጢር ክሳብ ዝኾነ፡ ሰብ ዝዛረቦ ዘለ ድማ ብኬፊል ደኣሉ ክፍለጥን ክግመትን ዝኽእል እምበር፡ ሰብ ይሕሱ ኣሎን የለን ምፍላጥ ንባዕሉ ምስጢር ምኻኑ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ንሓሶት ምፍላጥ መቸስ ቀሊል ከምዘይኮነ ኩልና ዓቅሚ ኣዳምን ሄዋንን ዝበጽሐና እንፈልጦ ነገር እዩ፡፡ የግዳስ ናይ ገዛእ ርእስኻ ጥርጣረታት ምህላው ግን ናብ ሓቂ ክትብጽሕ ክሕግዙኻ ከምዝኽእሉ ምፍላጥ ጸቡቕ እዩ፡፡

ሰባት ብብዙሕ ማሰረታዊ ምኽንያታት እዮም ክሕሰዉ ዝምርጹ፡፡ ገሊኦም ኩነታት ተገዚበም፡ ካብቲ ዘለኻዮ መታን ከህድኡኻ ካብ ሓልዮት ተበጊሶም ብመደብ ሓሶት ይፍኖሩኻ፡፡ ንኣብነት፡ ቤተሰቦኻ ኣብ ሕማቕ ኩነታት እንክሎ፡ መታን ከተባብዑኻ እቲ ሓቂ ዘይተሓ፡ ሞራልካ ሓፍ ዝብል ዘረባ ወይ ኣንጻርቲ ቤተሰብካ ዘለዎ ኩነታት ይፍኖሩኻ፡፡ ገሊኦም ድማ ኣብ ልዕሌኻ ዘይተደልየ ጸገም ቃንዝን ንምፍጣር፡ ካብ ክፉእ ሃቀና ተበጊሶም፡ ሓሶት ይዛረቡ፡፡ ንኣብነት፡ “ሱቕ ደኣ በሎ ኩምትር ይብል” ወይ “ሰቕ ደኣ በልያ ሕርር ትብልን ትገሃህን” ብዝብሃል ቃና፡ ዘይተኣ ነገርም ጓዚ ይዘርኡልካ፡፡ ኣብ መንጎ መጻምዲ ዝርኣ ሓሶት’ውን በዞን ክልተ መንገዲ ክልዕል ይኽእል እዩ፡፡

ብመሰረት ክኢላታት ዝቐርብዎ መጽናዕቲ ናይ ምሕሳው ምኽንያታት ዝም ዝበለ ከጠቓልል ይኽእል፦

• ግርጭትን ሕፍረትን ንምውጋድ፣ ከምኡ ድማ ንሳዕቤናት ባህርያትካ ፊት ንፊት ክትገጥሞ ዘይምድላይ
• ተጸሊኡ ከየጋጥመካ ብምፍራሕ ወይ መጻምድኻ ንኸይተሸገር ብምባል
• ንዘበርኩ ወይ ንዘይገበርኩ ነገር ንምሕባእ
• ነቲ ዘጋጠመ ኩነታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ንምእታው
• ገዛእ ርእስኻ ጥዒመተብ ከረውብ ንኽትርእ ወይ ደማ ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ኣዚኻ ዕዉት፡ ፍሉይን ፈላጥን ሰብ ማስልካ ንኽትቀርብ
• ናይ ካልእ ሰብ ስምዒት ክትከላኸል ብምሕሳብ ወዘተ፡፡

ሓደ ሰብ ስምዒት መጻምድቱ ንምክልኻል ወይ ግርጭት ንምውጋድ ብምባል ሓሶት ክዛረብ ይኽእልኺ እንተኾነ፡ ከምዝኣቶምን ካልኦትን ዝኣመሳሉ ሓሶታት ምዝውታር ግን ኣብ መንጎ መጻምዲ ንዘሎ ምትእምማንን ቅርበትን ብምንካይ፡ ኣብ ዝምድና ጸገማት ከስዕቡ ከምዝኽእሉ ምግንዛብ ከድልየ እዩ፡፡



ንሓሶት ምፍላጥ፡ ኩሉ ግዜ ከምቲ ንዘይተለምደ ቋንቋ ኣካላት ወይ ባህርያት ቀልጢፍካ እትርድኦ፡ ቀሊል ወይ ዘየሸግር ኣይኮነን፡፡ ይኹን እምበር፡ እዞም ዝስዕቡ፡ ሓደ ሰብ ይሕሱ ወይ ሓበሬታ ይሓብእ እንተሃልዩ ዝሕብሩ ምልክታት እዮም፦


• ዓይኒ ንዓይኒ ምጥምማት ምውጋድ
• ዘይንጹር ምኻን ወይ ውሑድ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ምቕራብ
• ዝገርሖ ቋንቋ ኣካላት - ከም “ኣይፋልን” እናበልካ፡ ግን ከኦ ርእሰኻ ሳዕልን ታሕትን ምባል
• ዘይተለምደ ቋንቋ ኣካላት - ከም ምውጥዋጥ፡ ምትርራር፡ ጸጉሪ ምትንካፍን ርእሲ ምሕኻኽን
• ተኸላኻሊ ባህሪ ምዝውታር ወይ ንክቐርበልካ ወቐሳ ምኽሓድ
• ካብቲ ዝተሓተትካዮ ወጻኢ ምዝራብን ዘየድሊ ሓበሬታ ምውሳኽን ወይ ሃተውተው ምባል
• ብዙሕ ግዜ “ኣይፋልን” ዝብል መልሲ ምሃብ
• ቀጢዕን ሓረቓን ባህሪ ምጽብራቕ
• ነቲ ዕላል ምሽሻፍ ወይ ኣንፈት ምስላት
• እናተዛረብካ ከሎኻ ዘይተለምደ ህድኣት ወይ ሰቕታ ምዝውታር
• ዘይተለምደ ምልውዋጥ ደምጺ ወይ ክብን ለጠቕን ዓውታ ምግባር
• ኣብ እዋን ዕላል መጻምድኻ ክትንክፈካ ዘይምድላይ ወዘተ፡፡

እዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለዉ ምልክታት፡ ከም መጠኒ ደኣ’ምበር፡ ምልእ ብምልእ ኣብኦም ተመርኲስካ መጻምድኻ ክትፈርድ ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ንኣብነት፡ ኣብ እዋን ምዝርራብ መጻምድኻ ስለዝሓረቐ፡ ደንገርገር ስለዘበለን ዓይኒ ንዓይኒ ክጥምተካ ስለዘይከኣለን ‘ይሕሱ እዩ ዘሎ’ ኢልካ ምሉእ ብምሉእ ምሕሳብ ኣብ ጌጋ መደምደምታ ከውድቕ ይኽእል እዩ፡፡ በዚ ጥራይ ምምራሕ፡ ንባህርያት መጻምድኻ ብጌጋ ከተንብቦ ወይ ዘይቅኑዕ መረዳእታ ክትሕዝ ዝዕብዮ እዩ፡፡

ብዘይቃላዊ መንገዲ ዝገለጹ ምልክታት ሓሶት፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝፈላለዩ ስለዝኾኑ፡ ምጽእ ኢልካ ክትፈልጦም ክትርድኦም ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ምኽንያቱ፡ ገለ ሰባት በቲ ዘዘውትርዎ ዘይቃላዊ ሓበሬታታት (Nonverbal clues)፡ ቅኑዕ ሓበሬታ ክህቡኻ ስለዘኽእሉ፡፡ የግዳ ታህዋኽ ኣወገደኻ ንኡይ መጻምድኻ ዘይቃላውያን ሓበሬታታት ጸቢቕ ገይርካ ኣጽንዖጾምን ተኸታቲልካዮምን፡ ኣብ መውዳእታ ናብ ሓደ መደምደምታ ክትበጽሕ ክሕግዙኻ እዮም፡፡ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት ንባዕሎም፡ ብዛዕባ እዚ ኣርእስቲ እዚ ዝበረኾ ኣረኣእያ እዩ ዘለዎም፡፡ ገለ ተመራመርቲ፡ ምንቅስቓስ ዓይኒ፡ ጸቢቕ መገመቲ ናይ ሓሶት ከምዝዀነ ክገልጹን ክምጉቱን ከለዉ፡ ገለ ድማ ጸቢቕ መለከዒ ምኻኑ ይኣምኑ፡፡

### ጽልዋ ሓሶት ኣብ ዝምድና

ገለ ሓሶት ዘይጎድእ ክመስል ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ሓላሊፉ ዝመጽእ ወይ ዝንጸብረቕ ሓሶት ድማ ምናልባት ዘይተርፍ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እንተኾነ፡ ሓሶት ይዕበ ይንኣስ ኣብ መወዳእታኡ ሓሶት ምኻኑ ኣይተርፍን እዩ - ጽልዋ ከየሕደረ ኣይተርፍን እዩ፡፡ ስለዚ፡ ዋላ ንእሹቶን ሳሕቲ ዝፍጸምን ሓሶት ከይተረፈ፡ ንዘይምትእምማን መጻምዲ መሰሱ ዘጋድድን ካልእ ናይ ዝምድና ጸገማት ዘፈጥርን ብምኻኑ፡ ብዘየገድስ ምግንዛቡ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ንእሽቶ ይኹን ሳሕቲ ዝንጸብረቕ ሓሶት ወዲሉ ሓዲሩ፦



• **ምትእምማን የጕድል** - እዚ ማለት፡ መጻምድኻ ሓሶት ምዝራብ እንተቐጺሉ፡ ኣብ ምትእምማን ቀጥታዊ ጽልዋ ከሕድር ይኽእል፡፡ ብመጠንቲ ዝዘረቦ ሓሶት፡ ክትኣምኖ ዘሎካ ዕድል ይወሓድ፣ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎካ እምነትን ቅንዕናን ድማ ይጎድል፡፡

• **ርህራሀን ዓቃልነትን የጕድል** - እዚ ማለት፡ ሓሶት ምዝራብ ስምዒት ናይ ሰብ ንኽትፈልጥ ዝኸበደ እዩ ዝገብሮ፡፡ ምስ ግዜ ድማ ኣብ ልዕሊ መጻምድኻ ዝሎካ ናይ ርህራሀን ዓቃልነትን ስምዒት ከምዝጕድል ይገብሮ’ሞ፡ እቲ ዝምድና ከኣ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ፡፡

• **ዝሎካ ቅርበት የውሕዶ** - እዚ ማለት፡ ቅርበት ክህሉ፡ ግርህነት ዝተሓወሶ ስምዒታዊ ምቕብባል ዝሓትት እዩ፡፡ እዚ ከኣ፡ መሰረት ሂወት መጻምዲ ምትእምማንን ቅንዕናን እንተዘይሃሊዩ፡ ዝምድናኦም ክቕጽል ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ስለዚ፡ ሓሶት፡ ምቕርራብ መጻምዲ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ጸድፊ እዩ፡፡

• **ሓሶትን ምትሓልን የብዝሕ** - ኣብ ሓደ መጽናዕቲ ተመልኪቱ ከምዝሎ፡ ሓንሳእ ምስ ግዜ ንዘይቅንዕና ክለማመዶ ከምዝኽእል ተረጋጊጹ እዩ፡፡ እዚ ማለት፡ ሓደ ሰብ፡ ብመጠንቲ ዝሓሰወሉ፡ ሓንጎሉ ንሓሶት ይለማመዶ’ሞ፡ ክሕሱ ከሎ ወቐሳ ኣይሰምዖን፡፡ ኣብ መውዳእታኡ ከኣ ንሓሶት ከም ሓቂ ስለዝዩ፡ ሕልናዊ ወቐሳ የጥፍእ፡፡

### ብኸመይ ምስ ሓሳዊ መጻምዲ ትሞሳእ

መጻምድኻ ቅንዕና ዘይብሉ ምኻኑ እንተጠርጢርካ፡ ንስለ መጻምድኻን ገዛእ ርእሰኻን ክትብል፡ ብደንጋጺን ሓልዮትን ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ዘኽእለካ ስጉምትታት ኣለዋ፡፡

• **ኣብ ባህርያዊ ስምዒትካ ተጸጋዕ** - እዚ ማለት፡ ንውሽጣዊ ስምዒትካ ምእማን ኣገዳሲ እዩ፡፡ ምኽንያቱ፡ ድሌትካ ዝፈተሸ ውሽጣዊ ስምዒትካ ወይ ሕልናኻ፡ ካብቲ ብኣዒንትኻ ተመራሒካ እትወስዶ መደምደምታ ንላዕሊ ዝቐንዐ ክኸውን ስለዝኽእል፡፡ ስለዚ፡ መጻምድኻ ይሕሱ ከምዘሎ ካብ ብደጋዊ መንገዲ ከተለልዮ ምፍታን፡ ብውሽጢ ሕልናኻ ወይ ስምዒትካ ተመራሒካ ተገዚብካ፡ ክትፈልጦን ጸገማቱ ተረዲእካ ካብ ሕማቕ መንገዱ ክትመልሶን ኣይክትሽገርን ኢኻ፡፡

• **ንቅንዕና ዝኾውን ጥዑይ ትጽቢት ይሃሉኻ** - እዚ ማለት፡ መጻምድኻ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ኣብይ ከም ዘሎን እንታይ ይገብር ምህላዉን ክሕብረካ ምጽባይ፡ ግብራዊ ኣይኮነን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ቅንዕና ዝተሞርከሰ ትጽቢት እውን ኣይኮነን፡፡ ካብ ገዛ ክወጽእ ከሎ ወይ ኣገዳሲ ኮይኑ ኣብ ዝሰምዖ እዋን ንመጻምድኻ መደብ እንታይ ምኻኑ ክትሓትት ቅኑዕ ትጽቢት ክህልወካ ግን ርትዓዊ እዩ - ተጠቕመሉ፡፡

• **መጻምድኻ ንዘረቦ ሃናእካ ስምዓዮ** - እዚ ማለት፡ መጻምድኻ ክዛረበካ ከሎ፡ ተቐዳዲምካ “ይሕሱ እዩ ዘሎ” ኢልካ ኣይትፍረዶ - ጸን ኢልካ ደኣ ኣዳምጾ፡፡ ሓቅን ሓሶትን ሃናእካ ኢኻ ክትፈልየን እትኽእል፡፡ ዘይሃድአ ኣእምሮ፡ ንሓሶት ከሊሊ ኣይክእልን እዩ፡፡ ስለዚ፡ ንዘረባ መጻምድኻ፡ ህድኣት ሓዊስካ ኢኻ ክትምልሶሉ ዘሎካ፡ እዚ እንተገይርካ፡ መጻምድኻ ብኸመይ ይሕሱ ኣሎ ክትግንዘቦ፡ ዝጥቀመሉ ቴክኒካት ከተለልዮምን ኣይክትጸገምን ኢኻ፡፡ ነዚ ክትገብር ግን፡ ግዜን ዓቕልን ምስትውዓልን ዝሓትት እዩ፡፡

• **ነቲ መጻምድኻ ዝበሎካ ዘሎ፡ ቀጥታዊ ሕቶ ኣቕርበሉ ወይ በድሆ** - እዚ ማለት፡ መጻምድኻ ክዛረበካ ከሎ፡ ይሕሱ ከምዘሎ ምስ ዝርድኣካ፡ ከይፈራሕካ ብቐጥታ ዝደለኻዮ ሕቶ ኣቕርበሉ፡፡ ህድኣት ብዘለዎ መንገዲ’ውን ክትብድሆ ፈትን፡፡ እዚ ምግባር፡ ነቲ ሓቂ ኣብ ግዜኡ ክትፈልጦ ክሕግዘካ እዩ፡፡ ካብ ዝሕሱ ዘሎ ሰብ ሓቂ ከተውጽእ ማዕረ ክንደይ ጻዕርን ብልሓትን ዝሓትት ምኻኑ ኣይትዘንግዖ፡፡

ንምጥቕላል፡ መሰረት ሕገስ ሓዳር ቅንዕና መጻምዲ እዩ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ንሕማቕ ተግባራትካ ክትሽፍን ተደጋጋሚ ሓሶት ምዝራብ፡ ወዲሉ ሓዲሩ፡ ሂወትካን ናብራኻን ዝረግፅ ስለዝኾነ፡ ብኣጋኡ ነቓሕና ነወግዶ፡፡

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ. ሱልጣን መሳ ሸኽመሓመድ፡ ተኸሰስቲ ወረስቲ ጀሃር ሰዒድ ኢብራሂምን ሰፊያ ሰዒድ ኢብራሂምን ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/11/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣመልካቲት ወረ/ፍ ኣፈወርቂ ኣብርሃ ገብረመድህን፡ ወ/ሮ ኤልሳ ኣፈወርቂ ኣብርሃ፡ ተጻዋዕቲ ወረ/ፍ ኣፈወርቂ ኣብርሃ ገብረመድህን፡ 1.ተኽለ ኣፈወርቂ 2.ጸገሬዳ ኣፈወርቂ 3.ናጽነት ኣፈወርቂ 4.ሃይማኖት ኣፈወርቂ 5.የውሃንስ ኣፈወርቂ 6.ማርያም ኣፈወርቂ 7.ኣበባ ኣፈወርቂ 8.ኣብርሃም ኣፈወርቂ 9.ያቆብ ኣፈወርቂ 10.ኣስመሪት ኣፈወርቂ 11.ብሌን ኣፈወርቂ ንናይ ምቅሊት ወርሲ. ዝምልከት ክሲ. ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/11/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ቅሳነት ዓንደርግሽ ጸገ ምባል ተሪፉ፡ ኤደን ዓንደርግሽ ጸገ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

ሰሰና ገብረታትዮስ ሃብተስላሴ ምባል ተሪፉ፡ ሰሰና ገብረታትዮስ ሃብተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/10/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ቶማስ ያቆብ ሃይለ ምባል ተሪፉ፡ ቶማስ ሰመረ ገብራይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ይቕረብ።

ጆሃር ኑርሑሴን ምባል ተሪፉ፡ ሩቑያ ኑርሑሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ ሰሞሞ

ወ/ሮ ለምለም ተስፋሚካኤል ኣስፍሃ፡ ኣቦይ ቀሺ. ተስፋሚካኤል ኣስፍሃ ህዝቅያስ ስለዝዕረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ እምኒ ሓይሊ.

ወ/ሮ ለተኪዳን ገብረት፡ በዓል ቤተይ ገብረማስቀል ጸጋይ ወ/ሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ፍዮሪ ተስፋሚካኤል ጸጋይ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ወረደ መንገሻ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን25/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ/ጋ/ባርካ ተሰነይ

መሓራ ዓብዱ ማሓሙድ ምባል ተሪፉ፡ ሄራን ሕሩይ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጽሃይቱ ዓንደጸዮን ሓደጉ፡ ካብ ኣቶ ተኽለማርያም ዓንደጸዮን ሓደጉን ወ/ሮ ሓጀር ወልደሃይማኖት ወልደሚካኤልን ብዕለት 3/4/2015 ዝተቐበልክዎ ህያብ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ሰ/ቀ ባሕሪ ኣፍዓበት

ሓምድ ሸክ ዓብዱ ምባል ተሪፉ፡ ሓምድ ሸክ ሑሴን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሰናይት ተኸስተ ተኽለማርያም፡ ካብ ወረስቲ ኄፍ/ ሓሊማ ሱሌማን ኣሕመድ ኣቶ ኢብራሂም ዓብደልዋሃብ ነጋሽን ኣቶ ሰዒድ ዓብደልዋሃብ ነጋሽ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ምም/ ከባ. ኣኽርያ ዝርከብ ፕሎት 27S ፓርሰል F መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BEASM010355 ብመሸጣ ስለዝዓደግክዎ፡ ካብ ስም ወረስቲ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት ካብ ዝምልከቶ ቤት-ፍርዲ. መአገዲ ሰድ ሒዙ፡ ናብ ቤት-ጽሕፈት ኖታዮን ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ተኸስተ ተኽለማርያም

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣኽርያ ምህራም ጭራ ጎደና 159-22 ቁ.ገዛ 14 ስፍሓት መሬት 200 ት/ሜ ፕሎት 55 ፓርሰል/ዞን ASP 00014549 ASD 00015713 ብስም ወ/ሮ ፋጥማ ኣሕመድ ጃሃር ዝተመዝገበ እቲ 100 ት/ሜ ብምብራቕ ሸነኽ ዝርከብ 3ተ ቀንዲ. ክፍልታትን 2ተ ሓጋገዝቲ ክፍሊን ንኣቶ ተከኤ ኣብርሃ ወልደሚካኤል ስለዝሸጥኩሉ፡ እቲ ፍርቂ ናብ ስሙ ዓዲጋይ ከሰጋግር ስለዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መአገዲ. ወይ'ውን ይግባይ ተባሂልሉ እንተኳይኑ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎ. ሰነዳት ጉዳዩ ክውድእ ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ፋጥማ ኣሕመድ ጃሃር

ብስም ለተብርሃን ገብረገርግሽ ደብረጼን ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ዝተመዝገበ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገዛ ጢንዳ 1A756/12 ጎደና ዓሊ.ገደ ቁ.ገዛ 3 ዝርከብ ብመለለዪ. ገዛ ASD00037841 ናይ ዝፍለጥ ሊብሬቶ ገዛ ስለዝጠፍኣኒ፥ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ቴሌፎን 07116804 ደዊሉ ክሕብረኒ፣ እንተዘይሎ ግን መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ለተብርሃን ገብረገርግሽ ደብረጼን<br>
ሞግዚት ሰንበቱ ኣርኣያ ኪዳነ

ብስም መርእድ ገብረትንሳኤ ኣርኣያ ኣብ ዓዲ/ ከባ. ቁሸት ብመወከሲ. ቁጽሪ 000089 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 004233 ፕሎት 68 ፓርሰል G ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደልክዎ ምስክር ወረቐት ስለዝጠፍኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ስልኪ. 07160982 ክሕብረኒ። እንተዘይሎ ግን መተካእትኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

መርእድ ገብረትንሳኤ ኣርኣያ

ብስም ሓደጉ ተኽለሚካኤል ወልደማርያም ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ፓራዲዞ ዚፕ ኮድ 1A129 ጎደና 856 ፕሎት 18 ፓርሰል N ስፍሓት መሬት 176 ት/ ሜትር ዘሎ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1:005735 ብዕለት 22/2/2023 ዓ/ም ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝዓደግክዎ'ሞ ናብ ስም ዓድግቲ ሃይለ ዓንደርግሽ ገብረያናስን ሰናይት ዓንደርግሽ ወልደስላሰን ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ ምስዘይቀርብ ግን ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ነፍልጥ።

ሃይለ ዓንደርግሽ ገብረያናስ



## ምስጋና

ብዕረፍቲ ክብርቲ ኣዴናን ሓፍትናን ወ/ሮ ለምለም ረድኢ. ኣልመደም ዝተሰመዓ መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሓዩሎ ዘቃበርኩምና፡ ኣብ ገዛና ብምምልላስን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና፡ ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ።

ደቃን ምሉኣት ስድራቤታን



## ሓበሬታ

- ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ፡
ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ - ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ. ንግሆ
8፡00 -12፡00፣ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ፡ ብቑ. ስልኪ. 110179 ደውሉ።
ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com
ሰቕታ ጎዳኢ. እዩ - ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ. ንዘራረብ።


## ርሑስ ምጅማር ትምህርቲ

ንኩሉኹም ተማሃሮ!!

ንተማሃሮ መዋእለ ህጻናትን ቀዳማይ ክፍልን።

**"ሌላ ምስ ፊደላት ትግርኛ"**

ዘርእስታ መጽሓፍ ኣብ ዕዳጋ




ቆልዑ ኣብ ሓጺር ግዜ ፊደላት ትግርኛ ክንብቡን ክጽሕ… እትሕግዝ መጽሓፍ።

ኣብ ኩለን ኣብያተ መሸጣ መጽሓፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ…
ቴሌ 07152627 ወይ 07191950

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ኣመሪካ፡ ንእስራኤል ዝሕግዛ መራኽብ ውግእ ልኢኻ



ግጭት እስራኤልን ዕጡቓት ፍልስጤምን ብዘኸፍኣ መልክዑ ኣብ ዝቕጽለሉ ዘሎ እዋን፡ ኣመሪካ ነፈርቲ-ውግእ እትሰከም ደርማስ ወተሃደራዊት መርከብ፡ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ናይ ኩናት መራኽብን ነፈርቲን ናብ ገማግም ባሕሪ እስራኤል ከም ዘጻግዐት ኣፍሊጣ።

ኣመሪካ ብዘይካ'ዚ፡ ንእስራኤል ተወሳኺ ወተሃደራዊ ናውቲን ተተኮስቲ ቦምባታትን ክትልእከላ ምዃና'ውን ቃል ኣትያ ኣላ።

ኣመሪካ ነዚ ስጉምቲ ዝወሰደትሉ ምኽንያት፡ ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ 'ጸላእቲ እስራኤል' ዝበሎም ካልኦት ሓይልታት፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ሓደገኛ ኩነታት መዝሚዞም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኩናት ከይከፍቱን ነቲ ኩነታት ዞባዊ መልክዕ ከየትሕዝዎን ንምዕጋት ከም ዝገበረቶ ትገልጽ።

ብፍላይ ፕረዚደንት ኢራን ኢብራሂም ራእሲ፡ ብፍሉይ ዝሰልጠኑ ኣሽታት ሓደ ሽሕ ዝኾኑ ዕጡቓት ሓማስ ብሮኬታትን ድሮናትን ተሓጊዞም ኣብ ውሽጢ ደቡባዊ ክፋል እስራኤል የጒይዱዎ ንዝለዉ መጥቃዕቲ ምድጋፉን ምንኣዱን ከምኡ ድማ ሊባኖሳዊ ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ኣብ ዶብ ንዝርከብ ወተሃደራዊ ነቑጣታት እስራኤል ምድብዳቡ ንእስራኤልን ኣመሪካን ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩለን ከም ዘሎ'ዩ ዝገለጸ።

ብሰንኪ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ግጭት፡ ክሳብ ትማሊ ሰኑይ ምሸት ጥራይ፡ ብወገን እስራኤል ብዙሓት ወተሃደራት ዝርከቡዎም ልዕሊ 700 ሰባት ክቕተሉን ልዕሊ 2,200 ክቘስሉን እንከለዉ፡ ካልኦት 750 ድማ ደሃዮም ጠፊኡ ኣሎ። ሓያለ ካብኣቶም ብፍልስጤማውያን ዕጡቓት ተማሪኾምን ጅሆ ተታሒዞምን ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ድማ ይሕበር ኣሎ።

ኣብ ወሸመጥ ቃዛ እውን፡ እስራኤል ብእተካይዶ ዘላ ከቢድ ናይ ግብረ-መልሲ ደብዳብ፡ ዛጊት ልዕሊ 500 ፍልስጤማውያን ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ኣሽታት 3 ሽሕ ድማ ቆሲሎም ኣለዉ። ብተወሳኺ፡ ልዕሊ 1 ሽሕ ህንጻታት ዓንዩ፡ ልዕሊ 120 ሽሕ ነበርቲ ተመዛቢሎምን ኣለዉ - ብማሰረት ጸብጻባት።

ብዘይካ'ዚ፡ ብዙሓት ዜጋታት ዝተፈላለያ ሃገራት'ውን ኣብቲ ግጭት ከም እተቐትሉን ጅሆ ከም እተታሕዙን ይግለጽ ኣሎ።

እስራኤል 300 ሽሕ ኣባላት ዕቑር ሰራዊታ ክኸቱ ኣዚዛ ከም ዘሎ፡ እዚ ድማ፡ ኣብ ወሸመጥ ቃዛ እንተላይ ናይ ኢጋር መጥቃዕቲ ክትጅምር ከም እትኽእል ዘመልክት ምዃኑ ተዓዘብቲ የረድኡ።

ድሮ'ውን እቶም ኣብ ዶብ ዓረዶም ዝርከቡ ኣሽታት 100 ሽሕ ወተሃደራታ፡ ነቲ ወሸመጥ ኣብ ፍጹም ከርደና ብምእታው፡ ነበርቲ ቃዛ ዝረኽቡዎ ዝነበሩ ናይ ማይ፡ መግቢ፡ ኤለክትሪክን ካልእ ቀረብትን ምሉእ ብምሉእ ክቋረጽ ኣዚዛ ከም ዘላ ይሕበር ኣሎ።ትማሊ ኣማስያኡ'ውን እስራኤል ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ፡ ወተሃደራዊ ዒላማታት ሕዝቦላህ ምዃኖም ንዝገለጾቶ ቦታታት ብነፈርቲን ሚሳይላትን ከም ዝደብደበት ተፈሊጡ።

## ኣዘርባጃን ንፈረንሳ ተጠንቕቕ

ፈረንሳ ንኣርመኒያ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትገብረላ ምስ እትፍትን፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ካውካሰስ ዘሎ ወጥሪ ክጋደድን ናብ ሓድሽ ደማዊ ግጭት ከምርሕን ከም ዝኽእል ኣዘርባጃን ኣጠንቂቓ።

እታ ሃገር ነዚ መጠንቐቕታ'ዚ ትህብ ዘሎ፡ ፈረንሳ ንኣርመኒያ ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትቕርበላ ዝኽእል ስምምዕ ኣብ ፈለማ ናይዚ ወርሒ'ዚ ኣብ የረቫን - ርእሰ ከተማ ኣርመኒያ ድሕሪ ምኽታማ እዩ።

በቲ ስጉምቲ ዝተቖጥዐ ፕረዚደንት ኣዘርባጃን ኢልሃም ኣሊየቭ ድማ፡ ኣብቲ ኣብ ፈለማ ናይዚ ወርሒ'ዚ ብመንጎኝነት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ስጳኛ ክካየድ ተመዲቡ ዝነበረ ዘተ-ሰላም ካብ ምስታፍ ከም ዝተሓንገደ'ዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ፕረዚደንት ኣሊየቭ ምስ ፕረዚደንት ባይቶ ኤውሮጳ ቻርለስ ሚካኤል ብቴለፎን ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ብሓፈሻ፡ ፈረንሳ ድማ ብፍላይ ኣብ ጉድኒ ኣርመኒያ ደው ብምባል፡ ነቲ ዝቐረበሉ ናይ ዘተ ዕድመ ከም ዝነጸጎ ኣብሪሁ።

ንሱ ወሲኹ፡ ፈረንሳ ንኣርመኒያ ወተሃደራዊ ኣጽዋር ብሓገዝ ክትቕርበላ ምውሳና፡ ኣብቲ ዞባ ሓድሽ ኩናት ክጉሃሃር ዝለዋ ድሌት እንተዘይከይሉ፡ ንሰላም ቅርቡት ከም ዘዩላ ዘርኢ ጭብጢ ኣብነት ምዃኑ'ውን ገሊጹ።



ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ኣብቲ ዞባ ብሕጂ ክፍጠር ናይ ዝኽእል ሓድሽ ግጭት፡ ቀንዲ ተሓታቲት ፈረንሳ ክትከውን ምዃና ኣስሚሩሉ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፈረንሳ ካተሪን ኮሎና፡ ዝሓለፈ 3 ጥቕምቲ የረቫን ኣብ ዝበጽሓትሉ እዋን፡ ኣርመኒያ ናይ ምክልኻል ዓቕማ ከተጐልብት ዝሕግዛ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ንዋት ካብ ፈረንሳ ብሓገዝ ክትረክብ ዘኽእል ስምምዕ ምስ ሰበ-መዚ'ታ ሃገር ከም ዝኸተመት ይዝከር።

ኣዘርባጃን፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኣብቲ ምስ ኣርመኒያ ከራኽር ዝጸንሐ ዞባ ናጎርኖ-ካራባኽ ድሕሪ ዘካየደቶ ን24 ሰዓት ዝቐጸለ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ማእቶል ኣርመኒያ ዝለዎም ኣሽታት 120 ሽሕ ነበርቲ እቲ ዞባ መረብዮም ጉዳፎም ናብ ኣርመኒያ ክሃድሙ ከም እተገደዱ'ዩ ዝገለጸ።

እቲ ዞባ፡ ዋላ'ኳ ብማሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ ኣካል ልኡላዊ ግዝኣት ኣዘርባጃን እንተኾነ፡ ን10ታት ዓመታት ዝኣክል ግን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣርመኒያ ከም ዝጸንሐ'ዩ ዝነገረሉ።

ክልቲኤን ጐረባብቲ ሃገራት ብምኽንያት እቲ ኣከራኻሪ ግዝኣት ኣብ 2020 ኣብ ዘካየድኦ ደማዊ ውግእ፡ ኣርመኒያ ከቢድ ወተሃደራዊ ስዕረት ከም ዝወረዳ ኣይርሳዕን።

## ጀርመን - መዓርፎ-ነፈርቲ ሃምበርግ ብስግኣት መጥቃዕቲ ስርሑ ደው ኣቢሉ

መዓርፎ-ነፈርቲ ሃምበርግ፡ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ክካየደሉ ምዃኑ ዘመልክት ናይ ኢመይል መጠንቐቕታ ኣብ ኣድ ፖሊስ ድሕሪ ምብጽሑ፡ ዝሀቦ ዝነበረ ኣገልግሎት ትማሊ ሰኑይ ምሉእ ብምሉእ ደው ኣቢሉዎ ከም ዝነበረ ተሓቢሩ።

ኣፈኛ ፈደራል ፖሊስ ጀርመን ትማሊ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ 198 ገያሾ ዝሰፈረት ነፋሪት ኢራን ኣብቲ መዓርፎ-ነፈርቲ ድሕሪ ምዕላባ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ዝወጠኑ ኣሸበርቲ ወይ ቦምባታት ኣብኣ ከይህልዉ ተፍትሽ ከም እተኻየደላ ኣፍሊጡ።

እቲ ናይ መጥቃዕቲ ስግኣት ሕጂ'ውን ኾነ ኣብ ቦታኡ ከም ዘሎ ዝጠቐሰ እቲ ኣፈኛ፡ ክሳብ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝወሃብ፡ ድሕነት ተጓዓዝትን ሰራሕተኛታትን ንምውሓስ፡ ነፈርቲ ኣብቲ መዓርፎ-ነፈርቲ ከይዓልባን ከይድይባን ተኸልኪለን ከም ዝለዋ ኣረዲኡ።

መዓርፎ-ነፈርቲ ሃምበርግ ብምኽንያት ስግኣት ሽበራዊ መጥቃዕቲ ስርሑ ደው ዘበለ ዘሎ፡ መራሕቲ ጀርመንን ፈረንሳን ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ዘሎ ዘይምቕዳው ንምፍታሕ ኣብ ከተማ ሃምበርግ ፍሉይ ርክብ ኣብ ዘካይዱሉ ዘለዉ እዋን'ዩ።



## ሩስያዊ ኩባንያ ብሃይድሮጅን ትንቀሳቐስ ጃልባ ሰሪሑ

'ሲትሮኒክስ ግሩፕ' ዝተባህለ ሩስያዊ ኩባንያ፡ ብዓይነታ ናይ ፈለማ ዝኾነት ብጸዓት ሃይድሮጅን ትሰርሕ ጃልባ ንፈተነ ከም ዘዘውተሮ ኣፍሊጡ።

እታ ናይ ፈለማ ጃልባ፡ ንሃይድሮጅን ናብ ኤለክትሪካዊ ጸዓት እናለወጠት ክትንቀሳቐስ እትኽእል ኮይና፡ ኣብ ፈለግ 'ኒቫ' ዕውት ፈተነ ከም ዘካየደት ሩስያዊ ኩባንያ 'ሲትሮኒክስ ግሩፕ' ገሊጹ።

ኣብ ኣከባቢ ብጠዚሒ ዝርከብ ሃይድሮጂን ካብ ብኸላ ናጻ ዝኾነ ዓይነት ጸዓት ኮይኑ፡ ብዘይጎድእ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓሉ ግን ምዕቡል ተክኖሎጂ ከም ዝደሊ ክኢላታት ሰ-ቐመም ይሕብሩ።

እታ ዕውት ፈተነ ዘካየደት ኣብ ሩስያ ናይ ፈለማ ብሃይድሮጅን ትሰርሕ ንእሽቶ ጃልባ፡ ሓደት ሰባት ኣሳፊራ ክሳብ 20 ሰዓታት ክትከይድ ከም እትኽእል እያ መሃዚታ ዘረድኡ። ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ ክሰርሕሉን ኣብ ዓበይቲ ጀላቡ እውን ክፍትኑዎን ምዃኖም ድማ እቶም ክኢላታት ኣገንዚቦም።

ሩስያዊ ኩባንያ ተክኖሎጂ ሓበሬታ 'ሲትሮኒክስ'፡ ኣብ መጻኢ ጸዓት ሃይድሮጅን፡ ኣብ ንኣሽቱ ጀላቡ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መራኽብ ከይተረፈ ክሰርሓሉ ዝኽእል ተክኖሎጂ ንምምዕባል ይጽዕት ከም ዘሎ ኣረዲኡ።



## ኢራን፡ 'ኣብ ግጭት እስራኤልን ሓማስን ኢድ የብለይን' ኢላ

ኢራን፡ ፍልስጤማውያን ዕጡቓት ቃዛ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ከካይዱ ዘኽእሎም ወተሃደራዊ ወጥን ኣብ ምሕንጻጽ ከምእተሓጋገዘቶም ንዝቐረበላ ክሲ ነጺጋ።

ልኡኽ ኢራን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ፍልስጤማውያን ዕጡቓት ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝጀመሩዎ መጥቃዕቲ፡ ምሉእ ብምሉእ ብናይ ባዕሎም ሕርያን ዓቕሚን ዝተበገሰ ምዃኑ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ሃገሩ ኣብቲ ጉዳይ ዝኾነ ኢድ ከም ዘይብላ ኣረጋጊጹ።

እቲ ልኡኽ ነዚ መግለጺ'ዚ ዝሃበ ዘሎ፡ ኣብ ኣመሪካ እትሕተም ጋዜጣ 'ዎል ስትሪት ጆርናል' ንላዕለዎት ኣባላት ሓማስን ሕዝቦላህን ብምጥቃስ ኣብ ዘርገሐቶ ጸብጻብ፡ መኮንናት ሰራዊት እስላማዊ ሓለዋ ሰውራ ኢራን፡ ፍልስጤማውያን ዕጡቓት ኣብ ልዕሊ እስራኤል ሃንደበታዊን በርቃዊን ስርሒት ከካይዱ ዘኽእሎም ወተሃደራዊ ወጥን ኣብ ምሕንጻጽ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዞም ክተሓጋገዙዎም ከም ዝጸንሑ ድሕሪ ምሕባራ እዩ።

እታ ጋዜጣ ኣብ ጸብጻባ፡ እቲ ናይ መጥቃዕቲ ወጥን ምስ ተጻፈፈ፡ ክልቲኦም ወገናት ዝሓለፈ ሰኑይ 2 ጥቕምቲ ኣብ ከተማ በይሩት - ሊባኖስ ብምርኻብ እቲ ስርሒት ክጅመር ከም ዝወሰኑ'ውን ወሲኻ ኣመልኪታ።

ወኪል ቃል ሓማስ ቃዚ ሓማድ እውን ንቢቢሲ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፍልስጤማውያን ዕጡቓት ካብ ኢራን ቀጥታዊ ደገፍ ከም ዝለዎም'ዩ ክዝረብ ተሰሚዑ።

ይኹን'ምበር፡ ሓደ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሓማስ ዝኾኑ ዓሊ ባራካ ምስ ማዕከን ዜና 'ኤንቢሲ' ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ኢራን፡ ብዛዕባ'ቲ ወተሃደራዊ ስርሒት ኣቐዲሙ ዝኾነ ሓበሬታ ከም ዘይነበራ ብምግላጽ፡ ነቲ ብኣፈኛ ናይቲ ውድብ ዝተዋህበ ሓበሬታ ነጺጉዎ።




ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉድያት ወጻኢ ኢራን ብወገኑ ትማሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣመሪካን እስራኤልን ንኢራን ምስ ዝተንክያኣ፡ ዓጸፋታዊ ግብረ-መልሲ ብምሃብ ክትቀጽዖን ምዃና ኣጠንቂቑ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 10/10/2023 | ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17፡ኮባቢ ሲነማ ሓማሴን | 123690 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565